# ፳ ሰነ ክንዝክር!

ክንዝክሮም ሃገር ንምክልኻልን ንምውሓስን ዝሓለፉ ሰማእታትና
“ዓወት ንሓፋሽ! ኣነ ክሓልፍ” እንዳበሉ ዝወደቑ ምእንቲ ሓርነትና

ግንከ፡ ግንከ፡ ኣይትብከያ ኣዴታት፡ ኣይትሕዘኑ ኣቦታት
ይብከዮም ድዩ’ታ እዞም ተኣምር ዘመስከሩ ሰዉኣት፧
ኣሎም ወዶም ካብ “ንሕድሕዶም ዝገዱ ምዑታት
ኣብ ልብና ሓዲሮም እንድዮም ክዝከሩ ንዝንተ ዕለታት!

እንታይሞ - ሰባት ኣይነብሩንዮም’ኮ - እንትርፎ ታሪኾም
ብርሃን ዘልበሱና - ንርእሶም ከም ጥዋፈ ሽሞዓ መኺኹም
ግቡእና ጥራሕ ንግበር፡ ንናቢዮም ንዘለዉ ስድራቤቶም
“ዓጀብ” እዩ ዘብል ዝሓደጉልና ዘሕብን ተግባራቶም!
ሰረቕትን ዓመጽትን’ኳ ዝሞቱ ምእንቲ ኣመሎም
ሰማእታትና ግዳ ዝሓለፉ በኛ’ቲ ውጹዕ ህዝቦም።

ኣታ ጀጋኑዶ ይብከዮሎም ኮይኑ፧ እኳ ደኣ ይዕለሎም’ምበሪ!
ካብ መቑሕ ባርነት ዘጋላገሉና - ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ
ደኺምናን፡ ጸማእናን፡ ሓንሳእ ከነዕርፍ፡ ከይበሉ - ብሃሩር ብቑሪ
ኤርትራዊ ኒሕ ተዓጢቖም ከፈቱልና ናይ ናጽነት ባህሪ
ድቕድቕ ጸልማት ደልሃመት - ኮነት - ቅድድ ብርሃን ቀትሪ!

ዝብከዮምሲ ኣለዉ ኣብ መንጎና፡ ‘ማይ ቀጠነት’ ዝብሉ መውደኸደኽቲ
እዝጊ ዝጸልኣሎም - ኣዴታቶምን ኣቦታቶምን ዝረገምዎም ሓሰውቲ
ናይ ተንኮል ድኑ ተጎልቢቦም - ንንጹሃት ዜጋታት ጸለሎ ቀባእቲ
ብዘይሕንከት ዝቋማጥዑ ምስ ናይ ሃገርና ታሪኻውያን ተጻባእቲ
ኣንታ ክንደይከ ይዕሽዉ - ልቢዶ ሰኣኑ ካብ ብዙሓት ሓንቲ፧
ሓሶት ብሓሶቱስ፡ ካን ኮይኑዎም - “ቦንግ! ቦንግ!” በሃልቲ!

*ንሃገርናን ንህዝብናን - ክመስሉ ሓለይቲ*
*ትፋእ ወያነን መወልቱን ክልሕሱ ተጓየይቲ*
*“ህዝቢ ኤርትራ ይግረፍ ኣሎ ብጨቋኒ መንግስቲ”*
*ክብሉ ከለዉስ፡ ንመን’ዮምከ ከደናግሩ፡ ‘ዞም ሃውተትቲ፧*

*እወ ዝብከዮምሲ ኣለዉ ምሳና - ዝመስሉ ናይ ህዝብና ተሓለቕቲ*
*ደጊም ንየው ንበሎም ዝረብሖ ኣይኮኑን፡ “ዶረን! ዶረን!” - ተጃሃርቲ*
*ተጸባእትና ዝፈሓሱዎን ዝፈሸሉሉን - ናይ ተንኮል ዝሓዘለ መልእኽቲ*
*ንዓና ከንበርኩኽ ያኢ - ክንደይ ላዕልን ታሕትን - ሸበድበድ በሃልቲ*
*ንሕና ዘይኮናስ - ይኣትዉዋ ኣለዉ ባዕሎም ዝፈሓርዋ ጉድጓድ ለይቲ*

*ኣንታ ‘ዞም ነውራማት፡ ዝሩጋት መዓንጣ - ዝሰሓቱ መስመር*
*“ክንዳኻ ዘይኣኽላስ ብኣኻ ይወዓላ” ቀደምኮ ተባሂሉን’ድዩ ‘ቲነገር*
*ኣይሓንኩን ድዮምከ’ታ፧ - ቅሩብ ምእንቲ ህዝቦም፧ ምእንቲ ‘ታሃገር፧*
*ቶባ ደጊም ግደፍዎም - እንታይ’ሞ ክገብሩ ዘይብሎም ቁምነገር*

*‘ምበር ዝሓለፉን ዘለዉን ጀጋኑናስ ነብረ- ኣናብስዮም -- ዘበሰሩ ዓወት*
*ዓርቢ - እወ’ታ ዓርቢ! ዓርቢ መዓልቲ - ኣብ መንፈቐ ወርሒ ግንቦት*
*ቅንጥጥ ዘበልዋ ናይ ሕሰመ መከራ - እዋን መግዛእቲ ባርነት*
*ሕምብርቲ ሃገርና እትው ደኣ በሉ - ምስ ምሉእ ርእሰ ተኣማንነት*
*ህዝብና ሓቖፎም - ሰዓሞም ከምዘይሓልፍ፡- ከውጽእ መሪር ናፍቖት*
*ንሕና ኸኣ ቃልና ነሕድስ - ክንዕቅባ ‘ታ ዘረከቡና ክብርቲ ናጽነት*
*ሃገርና ክንሃንጽ ህዝብና ክንምልምል - ክገላገል ካብ ሕሰመ ድኽነት*
*ብዋጋ ብሉጻት እንድ’ያ ተረኺባ - እዛ ኣበሳሪት መስተርሆተ ቅሳነት።*

*ወትሩ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ምክልኻል ሓይልታትናን ኣሎና!*
*ዕድመ ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ!*
*ስዉኣትና ቀሲኖም የዕርፉ!*
*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ብርሃነ ኣልኣዛር*